## ነቲ ጸሊም ደበና መን ይቐንጥጦ? - 1ይ ክፋል (ውሕሉል ፈዳይ ንጉስ)

Sunday, 07 December 2008

ክቡራት ተኸታተልቲ፡ ከም'ቲ ኣቐዲሙ ብተኸታታሊ ካብ 1ይ ክሳብ 5ይ ክፋል ዝቐረበ ተኸታታሊ ጽሑፋት ሳዕቤን ጣልቃነት መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ካልኦት ሃገራትን ሽርክነት መንግስቲ ኤርትራ ምስ እስላማዊ ጥሩፍነት ሶማልን ምውህሃድ ንጥፈት ሽፍትነት ባሕርን ምስግጋርን ምሻጥን ዘይሕጋዊ ኣጽዋርን ምብካልን ምግሓፍን መርዛም ሓተላን ኣብ ዓለማዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ዝፈጠሮ ሻቕሎትን፡ ከም ግብረ መልሲ ዝሰዓበ ናብ ክሊ ማያት ቀይሕ ባሕሪ ዝጸዓቐ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን መሻርኽታ ዝኾነ ሰራዊት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክን፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብፍላይ ከኣ ኣብ ክሊ ማያዊ ግዝኣት ኤርትራ ተፈጢሩ ዘሎ ሻቕሎት ናበይ ገጹ ይመርሓና ከም ዘሎ ዳህሲስና ን5ይ ክፋል ከም መደምደምታ ናይ'ቲ "መደባትና፡ ነቲ ኪንዮ ጸሊም ራዕዲ ዘሎ ደበና ምቕንጣጥ ኢዩ!!! ዝብል መግለጺ ላዕለዋይ ኣዛዚ፡ ሰራዊት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ)፡ ቺፍ ኣድሚራል ዳኒኤል ፋን ቤንጃንኩዝ ኣጠቓሊለዮ ነይረ።

እዚ ሕጂ ዝስዕብ ጹሑፍ፡ ብቐጥታ መቐጸልታ ናይቲ ዝቐደመ ተኸታታሊ ጽሑፍ 'ኳ እንተዘይኮነ ከም ሳዕቤን ናይቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ክውንነት ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ናይ ዝተኸስቱ ሓደሽቲ ምዕባሌታትን ንዝተፈጥሩ ተቓውሞታት ኣንጻር ምጕሓፍ መርዛም ሓተላን ከትሪ ሽፍትነት ባሕርን ኣብ ውሽጢ ሰበ ስልጣን እርትራ ዝተወልዐ ሓዲሽ ፖለቲካዊ ቁርቁስን ምዕባሌታቱን ከተኩር ምዃኑ ከዘኻኽር ይፈቱ።።

ነቲ ጸሊም ደበና መን ይበትኖ?

እንታይ ከ ንኸፍለሉ ኣለና?

1ይ ክፋል

ድሕር'ቲ ሳዕቤን ዘይምቅዳው ምሕደራ መንግስቲ ኤርትራ ዝፈጠሮ ፖለቲካዊ ምግምማዕን ሕቶ ምስራጽ ስነ ሓሳብ ግዝኣት ቅዋማዊ መንግስትነትን ዝወለዶ ተጻራሪ ባህሪ ብሕትውና ስልጣን ዝወለዶ ምትህልላኽ ዘስዓቦ ናይ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን መንግስቲ ነበር ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ህዝባዊ ግንባር ደሞክራስን ፍትሕን ኣባላት ካቢነ ሚኒስተራትን ቀወምቲ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ መንግስቲ ኤርትራን ኣምባሳዶራትን ዝነበሩ ብስም ጉጅለ 15 ዝፍለጡ ገዳይም ተጋደልቲ ምእሳሮም ዝመጹ ርኡያት ኣሉታዊ ምዕባለታት እንተነይሮም ስሩዕ በይንኣዊ ኣኼባ ካቢኔ ሚኒስተራት ተሪፉ ብሓድሽ ኣወዳድባ ንስልጣን ብምትሕልላው ዘቐጽል ብስሉሳዊ ኣኼባ ካቢኔ

ሚኒስተራትን ኣመሓደርቲ ዞባታትን ኣዘዝቲ ስራሒታት ዞባታትን ብዝተሰነዩ ኣካላት ክካየድ ምጅማሩ ኢዩ።

ክንዲ ዝኾነ ኸኣ እቲ ኣብ ትሕቲ ብሪጋደር ጀነራል ኣብርሃ ካሳ ዝነበረ ብሃገራዊ ድሕነት ዝፍለጥ ማእከል ስለያን ሓበሬታን ብሰላሕ መላሕ መንገዲ ኢዩ ኣብ ትሕቲ ቀንዲ እዚ ሓለዋ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ዝኾነ ኮሎኔል ተስፋልደትን ጎናዊ ተቖጻጻሪኡ ሚኒስተር ሚኒስትሪ ዜና ኣቶ ዓሊ ዓብዱን ክኣቱ ዝኸኣለ።

እዚ ምዕባለታት እዚ ብዝያዳ ክኽሰት ዝኸኣለ ድሕሪ 2005 ኢዩ። ኣብዚ ህሞት እዚ ኢዩ ኸኣ ነፍስ ወከፍ ሚኒስትሪን ምምሕዳር ዞባን እዚ ስራሒት ዞባታትን ኩለንትናዊ ጸብጻባተን ቅድሚ ነናብ ዝምልከቶ ክፍሊ ምልኣኸን ንዝጎድል ከግድላን ንዝምላእ ክምልኣን እዚ ማለት ኸኣ "ቅድመ ቑጽጽር ጸብጻብ" /ሳንሱር/ ክግበረለን ብማለት ኣቐዲመን ወዲእና ኣጻፊፍናዮ ዝብለኦ ወርሓዊ ጸብጻብ ስረሓውተን ናብ ሚኒስተር ሚኒስትሪ ዜና ኣቶ ዓሊ ዓብዱ ክልእካ ከም ዘለወን ብመንገዲ ቀዋሚት ጸሓፊት ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ተጋዳሊት ዘውዲ ብዕለት 16/04/2005 ብቁ.መዝ. 267ጂ.ኤይ.14ሲ.ኢ.645 ሓደ ዘዋሪ መልእኽቲ ናብ ኩለን ዝምልከትን ኣብያተ ጽሕፈታት ዝተላእከ። ነቲ ካብ ሚኒስተራትን ምምሕዳር ዞባታትን ኣዘዝቲ ስራሒት ዞባታትን ናብ ሚኒስተር ሚኒስትሪ ዜና ኣቶ ዓሊ ዓብዱ ዝተላእከ ጸብጻብ ጽጹይ ክትትል ተገይሩሉ ተወዲኡ ኣብ ዝተባህለሉ ህሞት ኢዩ ኸኣ ናይ ይሕለፍ ምልክት ተገይሩሉ ናብ ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ዝተለኣኸ።

ድሕሪ ምድስካል ኣማሓዳሪ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብሪጋደር ጀነራል ሙሳ ራብዓ ምምሕዳር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ንገለ እዋናት ብዘይ ኣመሓዳሪ ድሕሪ ምጽናሓ ኢዩ ከኣ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኮይኑ ከገግልግል ዝጸንሐ ተጋዳላይ መሓመድ ስዒድ ባረህ ከም ኣመሓዳሪ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ ኮይኑ ከም ሓድሽ ዝተመዘዘ። ምምዛዝ ተጋዳላይ መሓመድ ስዒድ ባረህ ከም ኣመሓዳሪ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ንፕረዚደንት ኢሰያስ ብኽልተ መሰረታዊ መዐቀኒታት ረብሓታትን ባህግታትን ውጥናትን ናይቲ ዝተተለመ መደብ ንምሕላው ኢዩ ዝነበረ። እቲ ከም መዐቀኒ ዝተወስደ መምዘኒ ኸኣ ነዚ ይመስል፡-

ሀ. ተጋዳላይ መሓመድ ስዒድ ባረህ፦

1. ጽቡቕ ምልከት ኣፍልጠ ቛንቛ ዓረብ ዘለዎ ምኳኑ

2. ድሕሪ ነጻነት ጥራይ ንኣስታት 4 ግዜ ዝተቐየደን፡ ካብ ነባራት ተጋደልቲ ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ዝነበሩን ዘለዉን ዝተነጸለ ብምኳኑን፡ ብፍላይ ከኣ ምስቲ ኩሉ ዘጓነፎ ማእሰርትን ስቅያትን ካብ ብጾቱ ናይ ምክልኻል ደገፍ ዘይረኸበ ኣብ ርእሲ ምንባሩ ብጉጅለ 15 ‘ውን ዝተረሰዐ ሰብ ብምንባሩ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣብ ዝጠለቦም መደባት ንኽሰርሕ ድልውነት ከም ዝህልዎ ብምትእምማንን ኢዩ ንተጋዳላይ መሓመድ ስዒድ ባረህ ከም ኣማሓዳሪ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ፡ ከም ገንሸል ጽባሕ ቤት ጽሕፈቱ ናብ ከትማ ባጽዕ ክቕይር ትእዛዝ ዘመሓላለፈሉ።

ምምሕዳር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ግን ንተጋዳላይ መሓመድ ስዒድ ባረህ ኣይቀደወቶን፡ ብቐጥታ ኢ.ያ ናብ ረጽሚ ሽሚማቶ። ከም ቀዳማይ ስጉምቲ ኸኣ ኑቲ ኣብ መዕሪፎ ነፈርቲ ምጽዋዕ ዝግበር ዝነበረ በረራን ኣብታ ከተማ ዝግበር ዝነበረ ናይ ህዝቢ ካብ መነባበሪኡ ምክልባትን ናይ ሰፈራ ጉዕዞን ካብ ኣመሓዳሪት ከተማ ባጽዕ ተጋዳሊት ፋና /ርእሲ ኣድጊ/ መብርሂ ክዋሃቦ ብምውካሱ ኢዩ ግርጭቱ ናብ ሰማይ ዝዓረገ።

እታ ከም ቀንዲ መጋበርያ ናይ'ቲ ከም መጒሓፊ መርዛም ሓተላ ዝተወጠነ ከባቢ ሓላፍነት ወሲዳ ብጉልባብ ምምሕዳር ከተማ ተሳልጥ ዝነበረት እሞ ኣብ ሓደ እዋን ከኣ ንተግባራታ ምጽዋር ሲኢኑዎ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ሜጀር ጀነራል ሕመድ ካሪካረ ጉንዲ እዝና ዘላሃማ ተጋዳሊት ፋና ከም ጻማ ምልሃም ጉንዲ እዝናን ስጡም ተማኢዛዝነታ ንፕረዚደንት ኢሰያስን ንሕቶ ሓዲሽ ኣማሓዳሪ ዞባ ሰሜናዊ ምብራኝ ተጋዳላይ መሓመድ ስዒድ ባረህ ጸማም እዝኒ ሂባቶ ጥራይ ዘይኮነት ኣብዘይምልከተካ ጡብሎቕሎቅ ኣይትበል ክትብል ኢ.ያ ኑቲ ሳዕለዋይ ሓላፊኣ ገሳጺ ምላሽ ዘዝነበትሉ።

ተጋዳላይ መሓመድ ስዒድ ባረህ ከኣ ካብ መዛኑኡ ገዳይም ተጋደልቲ ብሪጋደር ጀነራል ሙሳ ራብዓን ሜጀር ጀነራል ሑመድ ካሪካረን ተጋዳላይ ኢብራሂም ቶቲልን ዝኣከቦ ሓበሬታ ምርኩስ ብምግባር ኢዩ ኸኣ ድሕሪ መገሻ ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ናብ ሃገረ ሊብያ ኣኼባ ናይ ትሕተ ሰሃራ ሃገራት ብከምቲ ልሙድ ኣሰራርሓ ንኣማሓዳሪት ከተማ ባጽዕ ተጋዳሊት ፋና ዋጋ ናይ ምድፋራ ካብ ዝነበራ ሓላፍነት ዘደስከላ።

ኣብ'ዚ ህሞት'ዚ ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ካብ ፕረሲደንት ሊብያ ኮሎኔል መዓመር ጋዳፊ ኪኖ እቲ ኣብ ግዜ ሳልሳይ ወራር ኩናት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘበርከቶ ሄርኩሉስ ዝዓይነተን ክልተ ሰራዊት ዘጓዓዕዛ ነፈርቲ ንጠለብ ምቕያር ቤት ጽሕፈት ውድብ ሕብረት ኣፍሪቃ ካብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ትሪፖሊ ከም ዝቕየር ኣብ ዝግበር ጎስጓስ ተርኡ ንኸበርክት ከም ፊተውራሪ ናይ ዝነጠፈሉ ወፍሪ ጎስጓስ ኣንጻር ህላዌ ቤት ጽሕፈት ውድብ ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ኣዲስ ኣበባን ንምዝራግ ጸጥታዊ ኩነታት እትዮጵያ ንኸሰርሓሉ ናይ ዘኸእሎ ዓቕሚ ገንዘብ ንምውናን ካብ ፕረሲደንት ኮሎነል መዓመር ጋዳፊ ናይ $850.000.000 /ሾሞንተ ሚእትን ሓምሳን ሚልዮን ዶላር/ ጥረ ገንዘብን ብርክት ዝበለ ዘመናዊ ኣጽዋርን ተለጊሱሉ ናብ ኤርትራ ዝተመለሰሉ ህሞት ምግጣሙ፣ ንነድሪ ኣመሓዳሪ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ተጋዳላይ መሓመድ ስዒድ ባረህ ነዳዲ ካብ ዝወሰኸሉ ተረኽቦ ኢዩ ነይሩ።

ኣማሓዳሪት ከተማ ባጽዕ ተጋዳሊት ፋና /ርእሲ ኣድጊ/ ጌና ናይቲ ኹሉ ዘጋጠማ ጸብጻብ ናብ ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ከየመሓላለፈቶ እንከላ ኢዩ ኸኣ በቲ ሓድሽ ኣገባብ ዕድመ ጻዊዒት ኣኼባ ናብ ካቢነ ሚኒስተራትን ኣመሓደርቲ ዞባታትን ኣዘዝቲ ስሪሒት ዞባታትን ብሓለቓ ሓለዋ-

ነብሲ ኢሳያስ፡ ኮለነል ተስፋልደት ዘዋሪ መልእኽቲ ዝተመሓላለፈ። እቲ ኣገባብ ከኣ ነዚ ይመስል ነበረ።

"ንዕለት 07/10/2005 ኣድላዩ ኣኼባ ስለ ዘሎ ኩላትኩም ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ዕለት ንሰዓት 11፡00 ኣብ ቤት ጽሕፈት መቐበል ኣጋይሽ /ክለብ ደንደን/ ትርከቡ።" ዝብል ክታምን ማሕተምን ናይ ኮሎኔል ተስፋልደት ዘለዎ ኢዩ ተላኢኹ።

ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ኣብ'ቲ ዝተባህለ ቦታ ብቐጸረኦም ተረኺቦም። ምምጻእ ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ከም ህዝባ ብማዕከናት ዜና ትከታተል ዝነበረት ብሓድሽ ኣማሓዳሪ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ ዝደስከለት ኣማሓዳሪት ከተማ ባጽዕ ተጋዳሊት ፋና /ርእሲ ኣድጊ/ 'ውን ድሮ ናይቲ ዘጋጠማ ዘይተጸበየቶ ናይ ድስካለ መቕጻዕቲ ብቐጥታ ብስልኪ ናብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ብምሕባር ነቲ ሓዊ ኣጎደቶ።

ኣኼባ ዝተጸዋዓሉ ኣብ ከተማ ኣስመራ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት መቐበል ኣጋይሽ /ክለብ ደንደን/ ክነሱ ተጋባእቲ ግን በተን ኣቡኡ ዝተቐረባሎም መካይን ናብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣምሪሖም ብሄሊኮፕተራት ድማ ናብ መደበር ታዕሊም መዓስከር ሳዋ ዝተጓዕዙ::

ቅድሚ እቲ ስሩዕ ኣኼባ ምጅማሩ ኢዩ ኸኣ ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ምስ ኣማሓዳሪ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ተጋዳላይ መሓመድ ስዒድ ባረህ ንጉዳይ ምድስካል ኣማሓዳሪት ከተማ ባጽዕ ተጋዳላት ፋና /ርእሲ ኣድጊ/ ኣመልኪቱ ቆየቛ ዝጀመረ።

*ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣብ ቅድሚ ሓለውቱን ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ሜጀር ጀነራል ተኽላይ ሃብተስላሴን ቃል ንቓሉ፡*

*"ስማዕ 'ስከ ወዲ ባረህ መን ኢሉካ ደኣልካ ንፋና ካብ ስራሕ ደው ኣቢልካያ ዘለኻ?*

ወዲ ባርህ፡ "እቲ ዝተሰከምኩዎ ሓላፍነት እኮ በቲ ክሰርሓሉ ዝግበኣኒ ክትግብሮ ዝተዋህበኒ እምበር ክዋዘየሉ ኣይኮነን።"

*"ብምንታይ ምኽንያት ኢኻ ንፋና ኣደስኪልካያ?"*

"ኣብ ትሕተይ ዝተመደበ ሰብ ነቲ ዝተመደበሉ ስራሕ ተሓቲቱ ግቡእ ምላሽ ኣብ ክንዲ ምሃብ ልዕሊ ሕጊ ክኸይድ እንተፈቲኑ ምድስካል እቲ ዝቐለለ ኢዩ።"

*"መን'ዩ ልዕሊ ሕጊ መን'ዩ ኸ ትሕቲ ሕጊ ግዜ ክረኣእየና ኢዩ።"*

“ንምንታይ ከም ኣማሓዳሪ ዞባ ኣነ ዘይፈልጦ ኩዕታ ኣብ ዕዳጋ ይካየድ ኣሎ? ኣብ ትሕቲ ምምሕዳረይ ዝሰራሕ ነገር ኣነ ክሳብ ዘይፈለጥኩዎ ክትግበር እንተኾይኑ ሞት ሓላል'ዩ። ካብ በዓል ወዲ ሰሎሞን ኣይንበልጽን ኢና። ወዲ ኣፎም ኣይንፈኻኸር ከኣ።

“ደሓን ሕጂ እሞ ኣኼባ ንእተው ቀስ ኢልና ክንዛረበሉ ኢና።” ኢሉ ዘረባ ደው የብል ኢሰያስ።

ድሕሪ'ዚ ቁኒን ዝኾነ ናይ ክትዕ ዳርባ ዘረባ ኣኼባ ተጀሚሩ። ኣብ'ቲ መግለጺ ኸኣ ፕረዚደንት ኢሰያስ ንኩነታት ኣተሓሕዛ ሰራዊትን ኩነታት ኢትዮጵያን ድሕሪ ምዝርዛሩ። “ኩናት ነቲ ብወራር መንግስቲ ወያነ ተታሒዙ ዘሎ መርየትና ብሕልና ይኹን ብሕጊ ሱቕ ኢልና ክንዕዘብ ስለ ዘየግባእ ባዕልና ከምቲ ናይ ዝሓለፈ ናይቶም ሰነፋት ምኽኒት ‘ዘመናዊ ኣጽዋር ስለ ዘይዓጠቕና ኢና ካብ ባድመ ከነንሳሕብ ተገዲድና’ ዝብል ምኽኒት ወጊድና ሕጂ እኹል ኣጽዋር ኣምጺእና ስለ ዘለና ዝተወረ መርየትና ንምምላስ ኩናት ክንጅምር ኢና።”

እቲ ኣብ እዋኑ ምላሽ ዝሃበ ኸኣ ሜጀር ጀነራል ሃይለ ሳሚኤል /ቻይና/ ኢዩ ነይሩ። ንሱ ኣብ ምላሹ "ከም ዝመስለኒ እቲ ሕቶ ሕቶ ዘመናዊ ኣጽዋር ዘይኮነ ሞራልን ግዴታን ሰራዊትን ርግኣት ህዝብን ዝተመጣጠነ ኣይኮነን ዘሎ ኩናት ኢልና ሓሲብና ክንኣቱ እንተኾይና መጀመርያ ነቲ ሰራዊት ናብ ንቡር ክንመልሰሉ እንኽእል ኩነት ክንፈጥር ኣለና ማዕረ ማዕሪኡ ኸኣ ሞራል ህዝቢ። ነዚ ከየማላእና ግን ኩናት ዘዋጽእ ኣይመስለንን።"

ምላሽ ፕረዚደንት ኢሰያስ፦ "እቲ ሓሳብ ቁቡል ምኾነ ነይሩ ኣብ'ቲ ዘለኻዮ ግንባር ዓሰብ ብኸምዚ ስለ ዝተወደብኩም ኢዩ ክንረኽቦ ዝግበኣና ዓወት ረኺብና ዝብል ግምት ኣለካ ዶ?"

ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም፦ "ንኹናት ኣምሪሕና ክንዕወተሉ እንኽእል መንገዲ ዘሎ ኣይመስለንን፡ ነዚ ጉዳይ በቲ ዝኸዶ ዘሎ ሰላማዊ መንገዲ እንተሓዝናዮ ይምረጽ።"

ዓሊ ዓብዱ፦ "እሞ መርየትና ተጎቢጡ ኸሎ ትም ንበል ዲዩ ዝብሃል ዘሎ?"

መሓመድ ስዒድ ባረህ፦ "እንታይ ኢኹም ክትብሉ ደሊኹም ንኩናት ክሰምዕን ክቕበልን ዝኽእል ሰራዊት የለን፡ ዶ ወይስ ዘይንፈልጦ ዘቓመጥኩሞ ሰራዊት ኣሎ ኢዩ? ክርደኣኒ ኣይከኣለን ኣሎ።"

ፕረዚደንት ኢሰያስ፦ "ትእዛዝ ተቐቢሉ ዘየትግብር ወትሃደር እንተሃልዩ ብሞት ክቕሳዕ ኣለዎ። እዚ እንዝህሳል ኣተሓሕዛ ሰራዊት ኢዩ ዘመልክት ሕጊ ኸኣ ሕጊ ኢዩ።”

ሜጀር ጀነራል ዑመር ጠዊል፦ "ብመጠን ናይቲ ዘካየድናዮ ኩናት ክምዘን እንከሎ እኮ ንሰራዊትና ካብ ጸላኢ ዝቐተሎም ብሚእታዊት ክዕቀን ከሎ ባዕልና ዝቐተልናዮም ይበዝሑ

ይመስለኒ። ጽባሕ ንጉሆ ኸኣ ህዝቢ ክሓተና ኢዩ ነዚ ኣብ ግምት ዘእተወ ውሳነ እንተወሰድና ይሓይሽ።"

ፕረዚደንት ኢሰያስ፦ "እንታዩ ግልብጥ ግልብጥ ዘረባ ትማሊ ብሰሪ ኣጽዋር ይብሃል ከምዘይነበረ ሕጂ ኸኣ ዝሃብና ሂብና ኣጽዋር ምስ ኣምጻእና ምሕንጋድ እንታዩ እቲ ምስጢር ፍርሒ እንተልዩ እቲ ጉዳይ ብኻልኦት ከነተግብሮ ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን።”

መሓመድ ስዒድ ባረህ፥ "ፍጡር ወዲ ሰብ ምስ ሓጺን ኣይዳረግን ኢዩ። ኣብ ኩናት ከኣ ወሳኒ ወዲ ሰብ ኢዩ ቀንዲ ሓላፍነት ናይዞም ምሳና ዘለዉ ሰራዊት ከኣ ህዝቢ ኢዩ ሓላፍነት ዝወስድ። ክንዲ ዝኾነ ኸኣ ናይ ብሓቂ ኩናት ክንጅምር ዝብል ውሳኔ ክንወስድ እንተኾይና ኣቐዲምና ነቲ ብሓላፍነት ደቂ ዝህበና ዘሎ ህዝቢ ኩናት ክንጅምር ምኻና ክንሕብር ኣለና። ነዚ ኸኣ ካብ ምሕባር ድሕር ንብለሉ መንገዲ ክህሉ የብሉን። ብዘይብኡ ‘ውን ዘይተደላዩ ጉዳያት ኣብ ከባቢና ይስርሑ ከም ዘለዉ ንሰምዕ ኣለና። ሓደ ካቡኡ ኸኣ እዚ ኣብ ዕዳጋ ንህዝቢ ኣባሪርካ ዝግበር ዘሎ ኩዕታ (ንመቕበሪ ሓተላ ኒኮሌር) ዋጋ ናይዚ ሕጂ መጺኡ ዝበሃል ዘሎ ኣጽዋር እንተኾይኑ ለኪሙና ከይተፍእ ንህዝቢ ከነካፍሎ ኣለና"

ፕረዚደንት ኢሰያስ፦ "ጽቡቕ ዝወሃብ ዘሎ መደምደምታ ተዓዚበዮ ኣለኹ። ንሕና ምስ ብጊሓቱ ስረኦም ዘምለቑ ምዝራብና ኢዩ ንድሕሪት ዝመልሰና ዘሎ ወዲ ባርህ ከኣ ኣበሃህላኻ ተገንዚበዮ ኣለኹ፤ ኣብዚ ጉዳይ ኣትየ ንኸለል ዝዕድም ግዜ ክፈጥር ኣይደልን ኢየ። በየናይ መንገዲ ክንጸባጸብ ኢና ክንረኣኣ ኢና። ኣኼባይ ከኣ ወዲኤ ኣለኹ።"

ይቕጽል

ውሕሉል ፈዳይ ንጉስ
shamlahaqi@yahoo.com